





# <u>ደምዳሚ መግለጺ መንፈቓዊ ዋዕላ ኣካየድቲ ማሕበራውያን ሓይልታት ኢጣልያ</u>

## <u>25-26/october/2014 ፔስካራ</u>

ካብ 15 ከተማታት ኢጣልያ ዝመጹ ኣካየድቲ ኣካላት ማ/ኮማት: ህ.ግ.ደ.ፍ: ሃማደኤ: መንእሰያት ህ.ግደፍ(YPFDJ) ብዕለት 25-26/10/2014 ንክልተ መዓልቲ ኣብ ደቡባዊት ከተማ ፔስካራ (ኣውራጃ ኣብሩሶ) ዕዉት መንፈቓዊ ገምጋም ስራሕ ኣካይዶም።

ኣቦወንበር ማ/ኮም ኣብሩሶ ብዝኽረ ስውኣት ድሕሪ ምኽፋት፣ እንቋዕ ብደሓን መጻኹም ብምባል: ከፊትዎ። ኣብ ቤትጽሕፈት ኤምባሲ ኢጣልያ ሓላፊ ህዝባውን ኮማውን ጉዳያት ኣብ ኣቶ ግርማይ ሃብተሚካኤል: ኣብ ናይ ዝሓለፈ 6 ወርሒ ኣብ ናይ ፓርማ ኣኼባ ዝተሓንጸጹ መደብ ስራሕ ኣብ ኩለን ከተማታት ዝተኻየዱ ንጥፈታት ፥ ብፍላይ ከኣ ነቲ ካብ ዕለት 04-06/07/2014 ኣብ ከተማ ቦሎኛ ዝተኻየደ ዝኽሪ 40 ዓመት ፈስቲቫል: ብሓፈሻ ኣብ ኢጣልያ ዝርከባ ማ/ኮማትን ኩለን ማ/ሓይልታትን: ብፍላይ ከኣ ኣዴትትን መንእሰያትን ፈስቲቫል ቦሎኛ ንምዕዋቱ ዘካየድዎ ጻዕርታት ብምምጓስ: ንሓዲሽ ኣምባሳደር ኣብ ኢጣልያ ዶ/ር ፍስሓጼን ጴጥሮስ ኣብዚ ንመጀመርትኡ ዝካፈሎ ዘሎ መንፈቓዊ ኣኼባ ማ/ሓይልታት ኢጣልያ እንቋዕ ብደሓን መጻኻ ብምባል ኣብ መድርኽ ዓዲምዎ።

ኣምባሳደር ፍስሓጼዮን ንህሉው ቁጠባውን ዲፕሎማስያውን ኩነታት ሃገርና ዘርዚሩ ድሕሪ ምቕራብ: ኣብ ርእሴና ብቐጻሊ ዝካየዱ ዘለዉ ተጻብኦታትን: ንምፍሻሎም ኣብ ውሽጢ ሃገርን ኣብ ወጻእን ዝካየዱ ብድሆታት: ርኡይ ውጽኢት ይህቡ ከም ዘለዉን: ብጽንዓት ገጢምና ምሉእ ብምሉእ ጨሪሽና ከም እነፍሽሎም እምነቱ ገሊጹ። ካብ ተጋባእቲ ንዝቐረበሉ ሕቶታት ኣዕጋቢ መልሲ ብምሃብ ዛዚምዎ።

ቀጺሉ በብማሕበሩ ብኣቦ ወንበራት ብደረጃ ኢጣልያ ዝተዓመሙ ናይ 6 ወርሒ ዝርዝራዊ ጸብጻባት ቀሪቡ: ናይ ነፍስወከፍ ከተማ ተመክሮታት ስራሕ ብኣካየድቲ ናይ ነፍስወከፍ ን/ጨንፈር ቀሪቡ: ብፍላይ ብሓላፊት ሃማደኤ ጨ/ኢጣልያ ወ/ሮ ንግስቲ ጸጋይ ኣብ ዝቐረበ ጸብጻብ ንኹላትና ነበርቲ ኢጣልያ ዘሐበነ ብሃማደኤ ኣብ ከረን ዝተሃንጸ መሰልጠኒ ደቀንስትዮ ኣብ ዝሓለፈ ሓምለ ዝተመረቐ ብዓቢ ድምቐት ብምቕባል: ካብዛ ዕለት'ዚኣ ጀሚርና ኩላትና ኣብቲ ኣኼባ ዝተረኽብና ኣ/ኣካላትን ኣምባሳደርን ኣባላት ሃማደኤ ክንኸውን ወሲንና: ኣብ ቦታና ተመሊስና ደቂተባዕትዮ ኣባላትና ኣብ ሃማደኤ ንኽውደቡ ክንጉስጉስ ተመባጺዕና።

ኣቦ ወንበር ኮሚተ ዲፕሎማስን ሜዲያን ኣብ ናይ 6 ወርሒ ጸብጻቡ: ብተጻባእትና ዝካየዱ ናይ ጸለመ ውዲታት ንምፍሻል ዝተኻየዱ ቃልስታትን ብዝርዝር ብምግላጽ: መጻኢ መደባት ናይቲ ኮሚተ ሓቢሩ።

ኣብ ዝቐረበ ጸብጻባት ሰፊሕ ክትዕ ድሕሪ ምክያድ: ኣብ ተሞክሮታት ዘማዕበልናዮም ስራሕ ብምግጋም : ክሳብ ሎሚ ክንሰርሓሉ ዝጸንሓና ቅዋም ብምምሕያሽን: ብደረጃ ሃገር (ኢጣልያ) እትመርሕ ሓዳስ ኣካያዲት ኣካል ተመሪጻ: ኣብ ውሽጣ ምክፍፋል ምቅሊት ስራሕ ኣካይዳ። ብሓላፊ ህ/ኮ/ ጉዳያት ናይ 6 ወርሒ መጻኢ መደብ ስራሕ ብንድፊ ቀሪቡ: ኩሎም ሓለፍቲ ኣብ ግብሪ ንኽትርግምዎ ተመባጺዖም። መጻኢ መንፈቓዊ ኣኼባና ኣብ ቶሪኖ ክካየድ ተሰማሚዕና።

ኣብ መጨረሽታ ክቡር ኣምባሳደር ፍስሓጼን ጴጥሮስ: ኣብ ናይ 2 መዓልቲ ዝተኻየደ ስራሕ ሰፊሕ ትዕዝብቱ ኣብ ስርሓና ከምኡውን ዝጽበየና ዘሎ ዕማም ሰፊሕን ኣህላኽን ብምኻኑ: ሓድነትና ኣጽኒዕና ቃልስናን ኣገባብ ኣሰራርሓና ክብ ብምባል ክንዕወት ምዃናን: ምሉእ ናቱ ደገፍን ምኽርን ከም ዘይነፍገልና ብምርግጋጽ ዛዚሙ። ኩሉ ተኻፋሊ ሎሚ ከም ትማሊ ኣብ ጎድኒ መንግስትናን ህዝብናን ሓይልታት ምክልኻሉን ኮይና ቃልስና ከም እንቕጽል ዓወት ንሓፋሽ ዘልኣለማዊ ዝኽሪ ንሰማእታትና ብምባል ዋዕላና ብዓወት ዛዚሙ።

ዓወት ንሓፋሽ !!

ናይ ሜድያን ጎስጓስን ኮሚቴ ኢጣልያ















